Eritreische Demokratische Vereinigung e.V.

Eritrean Democratic Association

# ሕጂውን መታን ብሩህ ክኸውን!!

ኣብቲ ዘይኣድላይን ንረብሓ ህዝቢ ደኹን ሃገር ዘየገልግል ናይ ቃላት ምድርዳር መደብ ክንኣቱን ክንክተልን ኣይንመርጽን፥ ግን ከኣ ነቲ ልክዕ ዝኾነ መሰረታዊ ነጥብታት ካብ ምብራህ ኣይንቑጠብን።

ዞባ ጀርመን ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ ኣብ ናይ ተቓውሞ ደምበ ምጥርናፍን ብሓባር ምስራሕን ዘሎ መኽሰብ ኣዝዩ ዝፈልጦን፡ ንምዕዋቱ ኣትሪሩ ዝጽዕረሉን ጉዳይ እዩ።

- ብመሰረቱ ፈስቲቫል ሃገራዊ በዓልን መሰረታዊ ናይ ቃልሲ ኣምርንኳ እንተዘይኮነ ናይ ሓባር ደኹን ዝተፈላለየ ፈስቲቫላት ምክያድ ዘርብሕን ንቓልሲ መናሃርያ ክኸውን ዝኽእልን መስርሕዩ። ብሽነኽና ካብዚ ተረድኦዚ ብምብጋስ ካብ 1986 ዓ.ም. ኣትሒዝና እንሆ ንመበል 20 ግዜኡ ኘኸነብዕል ኣብ ምሽብሻብ ንርከብ።

- ብርእይቶና፡ መትከላዊ እምንቶና ስለዝኾነ፡ ኩሉ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኤርትራ ዝቐንዐ መደብ፡ መን ኣበጊስዎ ብዘየገድስ፡ ነሞግሶን ንድግፎን፡ ህዝቢ ክድግፎን ክስዕቦንውን ጻውዒት ንገብረሉ።

- ውድባት ኪዳን ብሓባር ብዝሰፍሐ ኣገባብ ፈስቲቫል ከካይዳው ንሕና ኣቓዲምና ዝጠለብናዮ ጉዳይ እዩ። እዚ ግን ብመሰረቱ ናይ ኪዳን ካብ ኮነ / ሕሉፍ ተመኩሮታት ኣብ ግምት ብምእታው / ብደረጃ መሪሕነት ኪዳን፥ ኩለ-ሸነኻዊ መደብ ወሪዱ ንትግባሪኡ ናብ ሽማግለ ምስዘተሓላለፍን ምስ ዝኸውንን ጥራይ እዩ። እዚ ድማ ነቲ ብመሰረቱ ንዘይምትእምማን ዝገልጽ ክሳብ ብቪድዮ ምቕራጽ ዘብጽሐ ክውንነት ሽማግለ ኤ.ዲ.ኪ. ጀርመን ምዓገተ።

- ዝኾነ ውድብ በየናይ ምኽንያት ብዘየገድስ መደባቱ ከፍርስ ናቱ መሰልን ምርጫንኳ እንተኾነ፥ ብሸምዚ ናይ መሪሕነት ተሓኤ ሃገራዊ ጉባኤ ኣገባብ፡ ቅድሚ ምቛም ሽማግለ ኪዳን ጀርመን፡ ማለት 1. ኣባል መሪሕነቱ ብስም ኪዳን ኣብ ዝተገብረ ናይ 28.05.05 በዓል ነጻነት፡ ናይ ኪዳን ፈስቲቫል ኣብ ካስል ክግበር ምእዋጁ፡ 2. ድሒሩ ኣብቲ ካብ ዕለት 04 - 06. ሰነ 2005 ፈጻሚ ሽማግለኡ ዘካየዶ ኣኼባ ምውሳኑ፥ እሞ ኸኣ ከምኣካል ኪዳን፡ ከምርእይቶ፡ ንውሳኔ፡ ናብ መሪሕነት ኪዳን ኣብ ክንዲ ምቕራብ ብቐጥታ ኣብ ምውሳእ ክእቶ ምድላዩ፡ ኘክርከብ ዝኽእል ዘይምስናይ ዝዓደመ ክምዝነበረ ርኢና። እዚ ከኣ ናይ ጽርግያ ዘይኮነስ ብደረጃ መሪሕነት ውድብ ንውሳኔ ሽማግለ ጀርመን ዝጸለወ ኮይኑ ንረኽቦ።

- ክሳብ ሕጂውን እንተኾነ ኣብቲ ሓደ ቆጸራን ቦታን / ካስል / በቲ ሓደሽነኽ መበል 20 ሰፊሕ በዓል ኤርትራ በቲ ካልእ ሽነኽ ድማ ቀዳማይ ፌስቲቫል ኪዳን ዝብል ሓበሬታ ኣዳል ትርጉሙ ዘጸግም ኮይኑ ንረኽቦ። ፍሉይ ግደ ሃ.ጉ. እንታይ እዩ ዘብል ጉዳይውን፡ እቲ ሽማግለ ፌስቲቫል ኪዳን ምስ ሽማግለ ፌስቲቫል ሃ.ጉ. ብምትሕብባር ክሰርሕ ወሲንና ዝብል መግለጺ ሽማግለ ኪዳን ጀርመንውን ናይ ዘየለ ውድባዊ ፌስቲቫል፡ ሽማግለ ፌስቲቫል ሃ.ጉ. ኢሉ ምጥቃሱ፡ ንምትርጓሙ ኣጸጋምን ኣተሓታትን ኮይኑ ንረኽቦ።

- ብጉዳይ ብዝሒ ውክልና ብሽነኽና ብስርርዓዊ ቤት ጽሕፈት ኪዳን ዝወጸ /ውድባት በብሓደ ሰብ ይውከላ ዝብል/ መምርሒ ከነተግብር ኣለና ኢና ንብል፡ ፍሉይ ርእይቶ ምስ ዝህሉን ብዝያዳ ከሳርሓና ይኽእልዩ ምስ ዝበሃልን ድማ፡ / ብዘይካ ኣብቲ ዝወሰኖ ኣካል - መሪሕነት ኪዳን/ ኣብ መምርሒ ድምጺ ስለዘይግበር፡ መምርሒ ተቐይሩ ንኽወርድ ይጥለብን ለበዋ ይቐርበሉን። እቲ ዝተላእከሉ ሽነኽ መሪሕነት ኪዳንውን ክምልሰሉ ኔሩዎ ንብል። ብዝተረፈ ኣብ ንዝኾነ ዘይሰማምዓካ መምርሒ፡ ኣብ ታሕቲ ብድምጺ ክቐየር ቅኑዕ እንተዝኸውን ህላወ መምርሒ ዘውርድውን ኣድላይነቱ ኣይረአን ስለዘስምዕ መምርሒ ክሳብ በቲ ዝምልከቶ ኣካል ዘይተቐየረ ቀያዲ ኮይኑ ክቕጽል ዝንተሞጐታዊ እዩ።

- ኣብ መደምደምታ ሕጂውን መሪሕነት ኪዳን ክሳብ ሕጂ ነቲ ጉዳይ ኣብ ምእላይ ክጻወቶ ዝነበሮ ሓላፍነታዊ ግደ ዘይምጽዋቱ እናነቐፍና፡ ኩሉ ተቓዋሚ፡ ዝጽበዮ ዘሎ ዕማም ኣዝዩ ዓቢ ስለዝኾነ፡ ካብ ናይ መሰረት ኣልቦ ጸለመን ምክሳሳትን ሃዋህው ወጺኡ፡ ዓቕሙን ግዜኡን ኣብ መሰረታዊ ናይ ሓባር ስራሓት ኣብ ምትግባር ከውዕሎን ከተኩርን፡ በዚ ሎሚ በዚ ጉዳይዚ ንመጨረሻ ግዜ ንህቦ ዘለና መብርሂ ኣጥቢቕና ንምሕጸንን ንጽውዕን።

- ንእግሪ መገድና ድማ ንበዓል ስምረት ዓወትን ?? መሰልቶምን፡ ጉዳይ ሃገሮምውን ስለዝኾነ ኣብ ኪዳን ኣብ ዝመረጽዎ ውድብ ተሰሊፎም ክቃለሱን፡ ናይ ብሓቂ ነጻን ሓበሬታ ዝጎድሎምን እንተኾይኑ ከኣ ክሓቱን ክፈልጡን ክከታተሉን ደኣምበር ኣብ ዘለፋ ጥራይ ክዕጠቑሲ ኣይግድን ስለዝኾነ ከምኣሕዋት መጠን ኣይፋልኩምን ንብሎም። ንሕና ደኣ ቀንዲ ሓለይትን ተቓለስትን ኢና ዝብሉ እንተኾይኖም ከኣ፡ መጀመርያ እንታይ ዘይስሞም ኣወናዘፎም!! ደሓር ከኣ ንኣካልካ ዝኾነ ምውንጃልን ምጥቃንንሲ፡ “ተመሊስካ ንትረድኦስ ሓዲግካዮ ኣይትእቶ!!” ከይኮኖም ንብል።

ምስ ሰናይ ትምኒት!!
ሓያልን ጠርናፍን ኪዳን ኣብ ምህናጽ ምቅላስ መተካእታ የብሉን !!
ዘለኣለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉኣት ሃገርና !!
ሽማግለ ዞባ ጀርመን ተ.ሓ.ኤ. ሰ-ባይቶ